# ጸሎተ ሓሙስ

5 ሚያዝያ 2015 ዓ.ም. (4/13/2015)

**ንባባት:** 1ቆሮንጦስ 11፡23-26፤ 1ጴጥሮ 2፡12-25፥ ግ.ሓ.27፡8-23፥ ዮሓ 13፡1-15

**ስብከት:** ወሠራዕከ ማእደ በቅድሜየ በአንጻሪሆሙ ለእለ ይሳቅዩኒ፥ ወአጽሓድከ በቅብእ ርእስየ፥ "እንጻር እቶም ዝሳቕዩኒ ኣብ ቅድመይ መኣዲ ሰራዕካለይ፥ ንርእሰይ ብቕብኢ ኣለስለስካዮ" መዝ.23፡

ኣብ ታሪኽ እንተ ረአና ሰባት ዝኽሪ ክሓድጉ ብዳሕረዎት ወለዶታት ክዝከሩ ኢሎም ዝተፈላለየ ነገራት ይገብሩ። ኣብ ቀዳሞት ግብጻውያን ፈርዖናት ዝተፈላለየ ፒራሚድ ክሳብ ሕጂ ዝርአ ሓዲጎም ይርአ፥ እዚ ኹሉ ንዕብየትን ስልጣኔን ሓይልን ፈርዖናት ግብጺ ንምግላጽ እዩ። ብዙሓት መራሕቲ ሃገራት ብሓውልቲ ብስእሊ ንወለዶታት ክዝከሩ ኢሎም ይሓድጉ። ሮማውያን በዚ ፍሉጣት እዮም ነሮም ኣብ ከተማ ሮማ ዝተፈላለየ ሓውልትታት ይርከቡ እዚ ኹሉ ነቲ ዝነበረ መዘከርታ እዩ። እዚ ኹሉ በራሲ ጠፉኢ ተረሳዒ እዩ።

ኢየሱስ ኣብ ዕለተ ሓሙስ ቅድሚ ሞቱ ፍሉይ ዝኽሪ ክሓድግ ደልዩ። ኣብ ቅዱስ ቊርባን ብሓቂ ህልው ኮይኑ ክነብር ሰሪዑ። ቅዱስ ቊርባን ሕይወት ዝህብ እንገራ እዩ "ናይ ሕይወት እንጌራ ኣነ እየ፥ እቲ ናባይ ዚመጽእ ኣይኪጠምን፥ እቲ ብኣይ ዝኣምን ድማ ኮቶ ኣይክጽምእን እዩ" (ዮሓ 6፡35)። ዝገርም ኢየሱስ ኣብ ቤተልሔም እዩ ተወሊዱ ብዕብራይስጢ ቤተልሔም ማለት ቤት እንጌራ ማለት እዩ።

ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት በነዲክቶስ 16 ነዚ ዕለት ኣመልኪቶም ኣብ ዝሰበኽዎ ነቲ ቀዶምት ክርስትያን ኣብ ቅዱስ ቊርባን ዝነበሮም እምነትን ኣምልኾን ክገልጹ እንከለዉ ነዚ ዝስዕብ ይጠቕሱ። ብ304 ኣቢሉ ውሑዳት ክርስትያን ካብ ሓንቲ ንእሽቶይ ከተማ " ኣቢቲንያ" ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ" ብመዓልቲ ሰንበት ሓቢሮም ነቲ ብንጉስ ሮማ ዲዮክለትያን ዝተባህለ ዝሃቦ ትእዛዝ ጥሒሶም ቅዳሴ ከዕርጉ ተረኺቦም። ብወተሃደራት ንጉሥ ተኣሲሮም ኣብ ቅድሚ ፈራዳይ ስለምንታይ ትእዛዝ ንጉሥ ዘየኽበርኩም ስለምንታይ ነዚ ነገር ገርኩም ምስ ተባህሉ ሓደ ካብቶም ኣብ ቅዳሴ ዝነበሩ ሽምግል Emeritus ዝተባህለ ነዚ ዝስዕብ ግሩህ መልሲ ግን ዓቢ ምስጢር ዘልኦ ሂቡ። Sine Dominico non possumus "ብዘይ ናይ ጎይታ ነገር ክነብር ኣይንኽእልን ኢና" ኢሉ ምስ መለሰ 48 ብሰማዕትነት ተቐቲሎም። ብዘይ ናይ ጎይታ ነገር ክነብር ኣይንኽእልን ኢና ስለ ዝበሉ ተቐቲሎም እዚ ኸአ ብዘይ ቅዱስ ቊርባን ክነብር ኣይንኽእልን ኢና ማለት እዩ።

ነዚ ምስ ሰማዕና ኣብ ሕልናና ዝመጽኣና እዞም ሰማዕታት ኣቢቲኒያ ከመይ ገሮም ኣብቲ ብዘይ ቅዱስ ቊርባን ክነብር ኣይንኽእልን ኢና ኣብ ዝብል ርድኢት በጺሖም ዝብል እዩ። ከመይ ኢሉ እዚ ነገር ከም ሓደ ግቡእ ብዝርአ ጥራሕ ዝገብርዎ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጣዊ ግድነቶም ከም ዘድልዮም ክርእይዎ ክኢሎም? እቲ ሓጺር መልሲ ከምዚ ሎሚ ኣብ ቅድመና ዘሎ ስርዓተ ልጡርግያ ዘቕርቦ ከምኡ እዩ ቀሪብዎም። ንሳቶም ኣብ ቅ. ቊርባን ክልተ ነገር ክርዩ ክኢሎም 1) ነጻነት ንኣምልኾን 2) ከም ሓደ ሓይሊ ንምግልጋል።

1. ቀዳማይ ፋሲካ ኣይሁድ ኣብ ዘፀ 12፡1- 8 ዘሎ እንተ ኣንበብና ኣቐዲሙ ነቲ ብቅዱስ ቊርባን እንቕበሎ ነጻነት የመልክት። እሳራኤላውያን ኣብ ግብጺ ናይ ፖሎቲካ ባራዩ ጥራሕ ኣይነበሩን መንፈሳዊ ባርነት እውን ነርዎም እዩ። ነቲ ታሪክ እንዝክሮ እንተ ድአ ኮና ንፈርዖን ኣብ ምድረ በዳ ንሰለስተ መዓልቲ ከይዶም ከምልኹ ፍቓድ ክውሃቦም እዮም ሓቲቶም። ፈርዖን ምፍቃድ

ምስአበየ አምላኽ ባዕሉ አብ ጎኒ እስራኤላውያን ኮይኑ። በዚ ከአ ፋሲካ አይሁድ ዝዝክሮ ነቲ አምላኽ ንእስራኤላውያን ከምልኽዎ ዝሃቦም ነጻነት እዩ።

2. አብ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ዝተነበት እንርእዮ ጳውሎስ ብዛዕባ ጸሎተ ሓሙስ አብ ዝህቦ መሰረታዊ ምልክት ብዛዕባ ነጻነት ንርኢ። ፋሲካ አይሁድ ግዳማዊ ነጻነት ንኽምልኹ ሂቡ፥ መዓልቲ ጸሎተ ሓሙስ ውሽጣዊ ነጻነት ክነምልኽ፥ ካብ ድኽመታትናን ድንቍርናናን ንአይ ጠዓመንን ነጻነት ይህበና፥ ነዚ ግን ዘይናቱ ርድኢትን ዘትሕዝዎ አለዎ። ንአብነት ብመንፈሳውነት ተነካእቲ ሰባት ብዙሕ ጊዜ ዝኾነ አብ ስርዓተ አምልኾ ዝፍጠር ሓዲስ ነገር ንልዑል አምላኽ ዝበቅዕ አይኮነን ይብሉ። ንአምላኽ ነኽብርን ንሕጉስን አሎና ብዝብል ምኽኒት ብዙሓት መንግስታትን አህዛብን ንደቆም አብ ምስዋዕ ይበጽሑ። እዚ ሓደ ካብቲ ዓይነት ባርነት እዩ። ነዚ አንጻሩ ብዝኾነ አኽረርቲ ንአምልኾ አብቲ ንሕና እንደልዮን እንርድኦን ጥራሕ ክንውስኖ ከሎና እዩ እቲ ሓቀኛ አምላኾ ይብሉ። አበዚ ሰባት ናይ ገዛእ ርእሶም ስምዒትን ድለትን እሱራት ይኾኑ፥ ንአምላኽ ምምላኽ አብቲ ንአና ጥራሕ ጽቡቕ ኮይኑ ዝርአየና እምበር አብቲ ንአምላኽ ዝግባእ አምልኾ ከምዘተኩር አይንገብሮን፥ እዚ እውን ካልእ ባርነት እዩ።

በዚ ምኽንያት እዩ መአዲ ቅዱስ ቍርባን አብ ዕለተ ሓሙስ ሓዲስ ምዕራፍ አብ ታሪኽ ደቂ ሰብ ከፊቱ ዝብሃል። ሎሚ አምላኽ ሰብ ኮይኑ ባዕሉ ከመይ ኢልና ከምእንጽሊ ይምህረና። ንሱ ቃላት ጥራሕ አይኮነን ዝቕርበልና፥ አብክንዳና ኮይኑ ጸሎት የዕርግ እዚ ምእንትካትኩም ዚውሃብ ዘሎ ሥጋይ እዩ. . . ነዚ ኸአ ብቤተ ክርስትያኑ ብካህናቱ ከምዝቕጽሉ የተስፍዎም "ነዚ ኽትገብሩ ከሎኹም ንዝኽረይ ግበርዎ. . . አብ ጸሎተ ሓሙስ ብኻልእ አዘራርባ ክርስቶስ ንጸሎት ካብ ናይ ሰብአዊ ድሩትነት ነጻ ገርዎ። ብሓደ ኃጢአተኛ ካህን ዝቕደስ ቅዳሴ አብ ቅድሚ ሰማያዊ አቦ ይስማዕ እዩ። ወላ ናይ ኃጢአተኛ ሕብረተሰብ ጸሎት ንድሕነት ዓለም ከቀላጥፎ ይኽእል. አብ መዓልቲ ጸሎተ ሓሙስ ምስ ድላይ አምላኽ ዝኸይድ አምልኾ ይህበና እምበር አብቲ ዘሎና ክእለትን ህያባትን አይምስረትን። አብ መጨረሻ ብዘይ ተጽዕኖ ወይ ስክፍታ ከነምልኽ ነጻ ኢና። ሓደ ሓንሳብ ነዚ ነጻነት ምስ አስተማቕሮን ተረድኦን እቲ ቀዳሞት ክርስትያን ዝበልዎ "ብዘይ ነገር አምላኽ ክነብር አይኮነልና እዩ" ዝብል ብንጹር ርዱእ ይኸውን።

እዚ አብ ካልአይ ነጥብና የምጽአና "ነገር አምላኽ" ናይ ምግልጋል ሓይሊ ይህበና። አብ መአዲ ቅዱስ ቍርባን ግቡእ አምልኾ ጥራሕ አይኮናን እነቕርብ፥ ንአምላኽ ብርእሱ ኢና እንቕበል። ንሥጋን ደምን ክርስቶስ ብግቡእ እንተ ተቐቢልና አብቲ ቀንዲ እንታይነትና ወይ ሰብ ዘብለና አብኡ ጽኑዓት፥ ንፍቕርን ንአገልግሎትን ፍቓደኛታት ንኸውን። በዚ ምኽንያት ይኸውን እዩ ክርስቶስ ቅዱስ ቍርባን አብ መዓልቲ ሕጽበት እግሪ ዝሰርዖ። አብዚ ዘርአዮ ምልክት ሓደ ብርሁ ነገር ዝገለጾ ውሽጣዊ ባህሪ ናይ እቲ አብ መንጎ ተሳተፍትን አሳተፍን ዝግበር ተዋስኦ ማለት አብ መስዋዕቲ ቅዳሴ አብ ነነድሕድና እነርእዮ ሓድነት ተሳትፎን። አምላኽ ባዕሉ ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ አብ መንጎና ክኸውን ብመልክዕ ህብስትን ወይንን ይወርድ። አምላኽንቱ ከይሓደገ ብምልኡ አብ ድላይና ይከውን። አብ ካልእ ከምዝበሎ "ክርስቶስ ነቶም ናቱ ዘበሉ አብ ዓለም ክሳብ መወዳእታ አፍቀሮም" ግርማኡ ሓዲጉ አእጋር ይሓጽብ። ጎይታን መምህርን እንከሎ ናይ ኩሎም አገልጋሊ ኮይኑ። ንሕና አሰሩ ተኸቲልና ከምቲ ዝገብሮ ክንገብር ይደልየና።

እዚ ዓቢ ሓላፍነት እዩ። ክርስቶስ ግን መጀመርያ ባዕሉ ከይ ገበሮ አይአዘዘናን። ንሱ ካሳብ መወዳእታ ከየፍቀረና ክነፍቅር አይእዝዘናን እዩ። እዚ ምስቲ ቅ. አደ ተረዛ ሓደ እዋን ዝበለቶ ይሰማማዕ። እቲ ታሪኽ ከምዝነግሮ ሓደ መዓልቲ ሓደ ጋዘጠኛ ማዘር ተረዛ ሓደ ሕማም ደውየ ዝሓመመ ሰብ እሞ ብርስሓትን አቕሳልን ዝጨኑ ዝነበር ምስ ካልአት ሕሙማት ካብ ጎደናታት ካልካታ ህንዲ ዝአከበቶም ክትሓጽብ እንከላ ምስ ረአያ አነ ነዚ እትገብርዮ ዘሎኺ ወላ ሚልዮን ዶላር ክንህበካ እንተ ዝብሉኒ አይ መገበርክዎን ኢልዋ። ቅ. ማዘር ተረዛ ከአ አነ እውን አይምገበርክዎን" እናበለት መሊሳትሉ። ማዘር ተረዛ

ነቲ እትገብሮ ዝነበረት ከምእትገብር ዝገበራ ሓደ ብርቱዕ ምኽንያት ልዕሊ ዝኾነ ነገር ነርዋ ንሱ ስለ ዝተረድአት እያ ኸአ ብዘይ ሓደ ነገር ነቲ ክግብረ ከቢድ ዝኾነ ብዓኒ ሰብ ትገብሮ ዝነበረት። በዚ ምኽንያት እያ ንሰዓታት አብ ቅድሚ ቅዱስ ቍርባን ተሕልፍ ዝነበረት። በዚ ምኽንያት እዩ ንደናግላ ቅዳሴ ወላ ሓደ መዓልቲ ክረኽባሉ አብዘይክአል ቦታ ክትሰደን ዘይትደሊ ዝነበረት። ከምቶም ቀዳሞት ሰማዕታት ናይ አቢቲንያ ብዘይ ቅዱስ ቍርባን ምንባር ስለ ዘይክአላ እዩ።

ንሕና እውን ብዘይ ቅዱስ ቁርባን ክነብር የብልናን። ኅይታና ኪዳኑ ጌና ይቕጽሎ አሎ፥ መባእና ክቕበልን ሓይሉን ጸግኡን ክህበና፥ ነጻነቱ ሕይወቱ ክህበና ፍቓደኛ እዩ። እዚ እዩ እቲ ምስጢር ናይ ሓሙስ ጽግቦ ሓጎስ።

በዚ ብሩኽ ዕለት ንኹሎም ብክህነት ዘገልግሉ ፍሉይ ጸጋ ክዕድሎም አብ ጸሎተይ እናዘከርኩ ንኹልና ተቐበልቲ ሥጋኡን ደሙን ኮና አብ ቅድስና ክንአቱ ባዕሉ ርእሱ ዝሃበና ክርስቶስ አብ መአዱ ይዓድመና።

አብ ሕማማትን ሞትን ክርስቶስ ተኻፊልና ምስኡ ብሓዲስ መንፈስ እንትንሥአላ ጸጋ ይዓድለና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ